ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ
ቤ.ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት

جبهة التحرير الارترية
المجلس الثوري
مكتب الشئون التنظيمية

ERITREAN LIBERATION FRONT
REVOLUTIONARY COUNCIL
ORGANISATIONAL AFFAIRS OFFICE

# ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ጨንፈራት ተሓኤ ሰ.ባ፡ ብህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባር ይኹንን

ኣብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኣውስትራልያ ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ዝርከብ ጨንፈራት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት፡ ብዕለት 5.11.2004 ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ፈጺምዎ ንዘሎ ኣረሜናዊ ተግባር ኣትሪሩ ይኹንን። በዚ ጭካነ ዝመልኦ ፍጻመዚ፡ ንዝተጎድአ ስድራ-ቤታትን ኣካላት ሕ-ሰብን ድማ፡ ብርታዐን ጽንዓትን ይምነየሉ።

ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሰያስ፡ ኣብ ስልጣን ኮፍ ካብ ዝበለሉ ኣትሒዙ ነቲ በብእዋኑ ዘሳውሮ ውግእ፡ ነዳዲ ዝኾኑዎ መንእሰያት ገፊፉ ካብ ምእካብ ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን ኢዩ። እዚ ናይ ትማሊ ዝኾነ ውን ብስፍሓቱ እንተዘይተፈሊዩ ብመልክዑን ትሕዝቶኡን መቐጸልታ፡ ናይቲ ንህዝብና እናኣሰከፈን እናኣሸቑረረን ዝመጸ ዕረፍቲ ዘስኣነ ተግባር ህግዲፍ ኢዩ። እዚ፡ ናብ ሙሉእ ከተማ ኣስመራ ሰራዊት ኣዋፊሩ፡ ክብርን ሰብኣውነትን ዜጋታት ደፊሩ፡ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ዝኣከቦ ብኣሽሓት ዝቑጸር መንእሰይን ሽማግለን ትሕተ ዕድመ ቆልዑን፡ ከምቲ ጨቋኒ ስርዓት ዝብሎ ካብ ሰራዊት ዝኾብለሉ ወይ ውን በጋሚንዱታትን ኣጠፉፉእትን ብሕጊ ተሓተትቲን ዝነበሩ ኣይኮኑን።

ስርዓት ኢሰያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ገበን ኣብ ልዕሊ ገበን፡ ሕሰም ኣብ ልዕሊ ሕሰም ንምውሳኽ እንተዘይኮይኑ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓኡ ፍትሕን ራህዋን ሰላምን ኣብ ኢርትራ ክቐልቀል ኣይክእልን ኢዩ። ዉልቀ-መላኺ ስርዓት ኢሰያስ፡ ከም መንግስቲ፡ ዋላ ንይምሰል ብኣረሜናዊ ፍጻመ ዓዲ ኣበይቶ ክስንብድን ሓላይ ህዝቢ ብምምሳል ከነጻርዮ ኢና ክብል ኢዩ እቲ ዝነበሮ። እዚ ብዝኾነ መንግስቲ ኣብ ናይ ሎሚ ዓለምና ዝበሃልን ዝግበርን ኢዩ። መንግስቲ ኢሰያስ ግን፡ ድንቁርንኡን ሓሶቱን፡ ዘለዎ ንዕቀት ኣብ ህዝብን ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ኘኸመስክር፡ ዓይኒ ህዝቢ ብሓመድ ክደፍን ኢዩ ፈቲኑ። ነዚ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ኣብ ልዕሊ ህዝብን ዝተፈጸመ ጨካን ስጉምቲ ካብ ሓላፍነት ዝሞልቐ መሲልዎ ሓንሳብ ፍጹም ከምዘይተገበረ ሓንሳብ ውን በቶም ኣብኡ ዝነበሩ ግዳያት ከምዝተፈጸመ ጌሩ ንምግላጽ ኢዩ ፈቲኑ። ናይዚ ኣረሜናዊ ተግባር ተሓታታይ ካብ ምዃን ንምምላጥ ኢሉ ውን፡ ጭብጥታትን መርትዖታትን ንምስዋር ዘይፈተነ ኣይኮነን። ናይ ዝመቱ ሬሳታት ብሰብ ክረኣዩ ዘይምፍቃድን ብጃምላ ምቕባርን ብዓቢኡ ከኣ፡ ንቤተ-ሰቦም ተዋሂቡ ብስነ-ስርዓት ንክቕበሩ ምኽላእ፡ ከመይ ኢሎም ከም ዝመቱ፡ ብጥይት ዲዩ ብእምኒ ወይ ብኣራግጽ ንከይፍለጥ ተባሂሉ ዝተገብረ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ናይ ነብሰ-ምክልኻል ጉርሒ ኢዩ። እዚ ግን ንግዚኡ ይሸፍኖ ድኣምበር፡ እቲ ሓቂ ታሪኽ ጎርጒሩ ከውጽኦ ኢዩ። ታሪኽ ክፈርዶ ኢዩ! ኣይክምሕሮን ኢዩ!!

ካብ ወለዶም፡ ደቆም፡ በዓልቲ ቤቶም ናብ ቤት-ትምህርቶምን ስራሓቶምን ብሰላም ተፋንዮም ብጨካን መንግስቲ ሂወቶም ተቐጺያ፡ ብዝወጽዎ ክተርፉ ክትርኢ ኣዚዩ ዘሕዝንን ዘቖጥዕን ኢዩ። ካብቲ ቀዳማዩስ እቲ ዳሕረዋዩ ዝኸፍአ ድማ፡ ወለዲ ናይ ዝፈትውዎም ደቆም፡ ቆልዑ ከኣ፡ ናይ ዘፍቅርዎም ወለዶም ሬሳታት ተሓሪምዎም ንቡር ምፍናው ክገብሩሎም ዘይምኽኣሎም ኢዩ። እዚ ከኣ ብባህልን ሰብኣውነትን ክግበር

ዘይግባእ፡ ኣብ ታሪኽ ፋሽስታውያን ስርዓታት ጥራይ ዝተፈጸመ ኢዩ። እዚ ሎሚ ብስርዓት ህግዲፍ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ተፈጺሙ ዘሎ ካብቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ንተቓወምቱ ብጃምላ፡ ብጭካነ፡ ቀቲሉ ንሬሳታቶም ኣብ ጋህሲ ዝድርብዮ ዝነበረ፡ ዝፈልዮ ሓንቲ ነገር የብሉን። ኩሉ ተግባር ኢሰያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ፡ ካብቲ ካልኦት ኣብ ዓለም ፍሉጣት ዝኾኑ ዲክታቶራውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝፈጸምዎ በደላት ዝፍለ ኣይኮነን። ኣጠፋፍእኡ ውን ልክዕ ከምቲ ናይ ኩሎም እቶም ዝጠፍኡ ፋሽስታውያን፡ ብርቱዕ ቁጣዐ ዝፈጠሮ፡ ባርዕ ህዝባዊ ተቓዉሞ ዝነበረ፡ ናቱ ውን ከምኡ ከምዝኸውንን እዚ እንርእዮ ዘሎና ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝግለጽ ዘሎ ኤርትራዊ ተቓውሞ ድማ፡ ናይ መጀመርያ ምልክታት ናይ ጥፍኣቱ ምቕራብ ኢዩ።

ምልካዊ ስርዓታት ውድቀታቶም እናተቓረበ ኣብ ዝኸደሉ፡ ጭካነኦም ውን ብኡ መጠን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እናዛየደ ኢዩ ዝኸይድ። እዚ ብስርዓት ህግዲፍ ዝኸውን ዘሎ መግለጺ ናይዚ ኢዩ። ንቀባሪ መርድእ ዘድሊዮ ኣይኮነን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ውን ብዛዕባቲ ዝውዕሎ ዘሎ ቐብሪ ኣርዳኢ ዝጽበየሉ ኣይኮነን። ኣመራርሓ ህግዲፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ሕሰም፡ ጓሂ፡ ሻቕሎት፡ ፍርሒ፡ ስደት፡ ማእሰርቲ፡ ሞት ነቒትዎ ከምዘሎ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ። ነዚ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ብሩህ ኮይኑ ዘሎ፡ ብሰንኪ ህሉው ኣመራርሓ፡ ዝመጸ ኩሉ ሰብ-ሰርሖ ሽግር ንምልቓቕ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሱ ከፈጣጥንን ከበራትዕን፡ ዲክታቶርያዊ ስልጣን ኣልጊሱ፡ ህዝቢ፡ ባዕሉ ወሳኒ ዝኾነሉ ስርዓት ንምትካእ ይጥለብ ኣሎ።

ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ጨንፈራት ተሓኤ ሰባ ውን ነዚ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ኩሉ ሽግራት ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ኮይኑ ዘሎ ደመኛ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ኣልጊስካ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ከም ወትሩ ዕጡቕን ጽኑዕን ኣሎ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንኩሎም ስውኣት ኤርትራ
ዓወት ንህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ!
ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ!